# እዛ ዕላል ቪላ ሎምስባ ዝሒላ

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ ኖርወይ 18/05/07

ላዕልን ታሕትን ዝብል ዝነበረ ቪላ ክሃንጸለይ
ካብ ሚሒር ምንዓቑ በሎም ክሰርሖየ ባዕለይ
ናባና ግደፍዎ ገንዘብ ጫሕ ክፈሉና ጥራይ
ኣለውና ኽደምቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዋርሳይ

ተሰሪሑ ዘሎውን ሽግር ማይ መብራህቲ ኣለዎ
ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ኮይኑሎ ደሊኹም ዕጸውዎ
ሕግና ኣይፈቕደን ውልቀ ሰብ ንበይኑ ክርህዎ
ህዝብና ክብ ወይ ግብ ክሳብ ዝብል ተጸበይዎ

ህግደፍ ትሕቲኡምበር ላዕሊ ዝኾነሉ ዘይፈቱ
ቀናእ ምኻኑ ክሳብ ሎሚ ጠፊኡኩም ብልሓቱ
ብሩህ ገጽ ተራኣየኻ ዝስዕቦ ኣበይ ከምትኣቱ
ሕማቕ ምስ ዝርኢ ጥራዩ ዝስሕቕ ብኮራርምቱ

ተሰሪሑ ዘሎ ቪላታት ንራኣዩለይ ንጃህራ
ወዲ <ኣይተ>ቪላለዎ ቁምነገረኛ ኣበስመራ
ክበሃል መሬት ውጹዓት ዘዘሚትካ ብዕንደራ
ከይትቐስኑ ክምለስዩ ኣብ መጻኢት ኤርትራ

ዘይወግሕ መሲልዋ ብሓሶት ህግደፍ ተለኺፋ
ጸብለል ከተርኢ ልዕሊ ሰብ ክትከውን ሓለፋ
ምኽሪ ሰብ ዘይሰምዑ ተልናዮም ግደፉ ግደፋ
ኣሻሓት ዶላራት ከስኪሳ ሚልዮናት ናቕፋ
መርገም ውጹዓት በጺሑዋ ኣንቃዕሪራ ተሪፋ

ነጊርናኩም ኢና ኣንቱም ምኩሓት ተበለጽቲ
መታለሊ ህግደፍ ተበለ መሬት ናይ መንግስቲ
ኣፈራሪሑ እንተሕደገ መሬት ደቀባት ሕዛእቲ
ደብተራትና ኣይፍቀድንዩ ሕገንዳባ ሕገርስቲ

መናዚያም መሬት ንጽልሚ እንተሸጡ
ዝረሃጽክሙሉ ዶላር ገንዘብኩም ክቐልጡ
ሕሰቡ ጽባሕ ምስ ዋናታቱ ከም ትዋጠጡ
ሓፍኮፍ የለን ደሓር ኣቕዲኩም ክትፈልጡ

መሬትካ እናተዘምተ ዓይንኻዶ ዕመት
ንርስቲውን ይዋጋኣላየን ኣንስቲ ደቀባት
ዓዲ ዘለዎ ከይዱማሳሕ ብሕገ እንዳባት
በዚ ኾይኑ በቲ ክንዕወት ኢና